**ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ (FGM/C) ዝምልከት ዘውጽኦ መግለጺ**

**መንግስቲ ኣመሪካ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ (FGM/C) ደው ንምባል ብዕቱብ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉዳይ እዩ። ጓል ኣንስተይቲ ናይ ምኽንሻብ ሓደጋ ምስ ዘንጸላልዋ ወይ ዝኾነ ሕቶ ብዛዕባ ምኽንሻብ ምስ ዝህልዋ እሞ ሓገዝ ምስ እትደሊ ሰዒቡ ተጠቒሱ ብዘሎ ሓበሬታ ተወከሱ።**

**ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ (FGM/C) እንታይ እዩ?**

ምኽንሻብ ማለት ምቐራጽ ወይ ካልእ መሰርሕ ተጠቂምካ ኣብ ልዕሊ ኣካል መፍረ (ብልዕቲ) ጓል ኣንስተይቲ ሕክምና ብዘይፈቕዶ መንገዲ ማህሰይቲ ምውራድ ማለት እዩ። እዚ ተግባር ኣብ ገለ ከባቢታት ናይ ዓለም ኣንተላይ ኣብ ሃገርና ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ተባሂሉ ይጽዋዕ።እዚ ተግባር እንትርፎ ዘስዕቦ ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን ማህሰይቲ ኣብ ጥዕና ዘበርክቶ ኣወንታዊ ነገር የለን።

**ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዘኸትሎም ኣሉታዊ ጥዕናዊ ሳዕቤናት እንታይ እዮም?**

ምፍሳስ ደም፡ ብርቱዕ ቃንዛ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ክሳብ ሞት ዘብጽሑ ገለ ካብቶም ቅልጡፋት ሳዕቤናት ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ እዮም። ረኽሲ ስርዓት ሽንቲ፡ ፊስቱላ፡ መኻንነት፡ ቃንዛ ኣብ ግዜ ወርሓዊ ጽግያት ወይ ጾታዊ ርክብ ፡ ከምኡ ውን ብ HIV/ ኤይድስ ናይ ምልካፍ ልዑል ተኽእሎ ፡ ገለ ካብቶም ብሰንኪ ምኽንሻብ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ዝርኣዩ ሳዕቤናት እዮም። ብተወሳኺ ዝተኸንሸባ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ግዜ ሕርሲ ጸገም ከጋጥመን ዝወለድኦም ናጽላታት ክሞቱን ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ተግባር ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ኣዴታትን ዓሚቕ ፍርሒ ፡ ሕፍረት፡ ከምኡ'ውን ጭንቀት የኸትል።

**መንግስቲ ኣመሪካ ንምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ብኸመይ ይሪኦ?**

መንግስቲ ኣመሪካ ንምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዓይነቱ፡ ክብደቱ ከምኡ'ውን መበገሲኡ ብዘየገድስ ይቃወሞ። መንግስቲ ኣመሪካ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ባህላዊ እምነትን ብጽሕናን ምኽንያት ብምግባር ከም ዝፍጸም ይርዳእ እዩ ፡ እንተኾነ እዚ ተግባር ከቢድ ምግሃስ ሰብኣዊን ጾታውን መሰላት ከምኡውን ምግሃስ መሰል ህጻናት ከም ዝኾነ ይኣምን።

**መንግስቲ ኣመሪካ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ሓበሬታ ንምንታይ ኣዳልዩ?**

መንግስቲ ኣመሪካ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንኽብቅዕ ፡ ከምኡ'ውን ኣብ መላእ ዓለም ንጥዕናን መሰልን ደቂ ኣንስትዮ ንኽከላኸል ይውፈ።መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ውሽጢ ኣመሪካን ካልኦት ሃገራትን ፡ ብዛዕባ ከብደትን ኣዕናዊ ሳዕቤናት ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ትምህርቲ ኣብ ምዝርጋሕ ጻዕሪ ኣብ ምክያድ ይርከብ።

**ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ምክያድን ምስታፍን ዘኸትሎ ገበናዊ ሳዕቤናት**

ኣብ ኣመሪካ ንትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኤን ደቀንስትዮ ምኽንሻብ ወይ ካብ ኣመሪካ ወጻኢ ብምልኣኽ ዝግበር ምፍርራሕ ኣንጻር ሕጊ ኣመሪካ እዩ። ነዚ ሕጊ ምጥሓስ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ብማእሰርቲ፡ገንዘብ ወይ ብኽልቲኡ ዘቕጽዕ እዩ። ባህልን ልምድን ኣመኻኒኻ ዝግበር ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ቅቡል ኣይኮነን። ምቐራጽ ወይ ካልእ ኣገባብ ብምጥቃም ኣብ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኤን መፍረ ኣካል ደቂ ኣንስትዮ ዝስዕብ ማህሰይቲ ብሕጊ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክልኩል እዩ።

**ምጥሓስ ሕጊ ኣብ ምኽንሻብ ዘኸትሎ ናይ ኢሚግረሽን ሳዕቤናት**

ንምኽንሻብ ዝምልከት ሕጊ ምጥሓስ፡ ከቢድ ዝኾነ ናይ ኢሚግረሽን ጸገማት የኸትል። ካብ ኣሜሪካ ምስጓግ ወይ ናብ ኣሜሪካ ንምእታው ዘይብቑዕ ይገብር።ብተወሳኺ ንናይ ኢሚግረሽን ጥቕምታት ዘይብቑዕ ይገብር።

**ዝተኸንሸባ ደቂ ኣንስትዮን ምስ ሕጊ ምጥሓስ ዘለወን ምትእስሳርን**

ዝተኸንሸበት ጓል ኣንስተይቲ ገበነኛ ኣይኮነትን። እዚ ተግባር ኣብ ልዕሊኣ ብምፍጻሙ ዝጠሓሰቶ ዝኾነ ናይ ኣሜሪካ ሕጊ የለን።ስለዚ ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ስለ ዝተኻየደላ ጥራሕ ንኣሜሪካ ናይ ምጋሽ መሰላ ይኹን ንብመንግስቲ ኣሜሪካ ዝወሃብ ጥቕምታት ብኣሉታ ኣይጸልውን እዩ።

**ንተወሳኺ ሓበሬታ**

ሓደጋ ናይ ምኽንሻብ የንጸላልወኪ እንተሎ ወይ ምኽንሻብ ኣብ ልዕሌኺ ተፈጺሙ እንተኾይኑ ወይ ዝኾነ ሕቶ ፡ ሓበሬታ ብዛዕባ ነዚ ተግባር ዝፍጽም ኣካል ወይ እዚ ሓደጋ ዘንጸላለዋ ሰብ ኣብ ውሽጢ ኣሜሪካ ወይ ካብ ኣሜሪካ ወጻኢ እንተድኣ ኣላ በዚ ዝስዕብ ቴሌፎን ንዝያዳ ሓበሬታ ተወከሱ፡ 1-800-994-9662

Tigrinya